# ምትላል ምልላይ፣ ምውጋድን ሪፖርት ምግባርን

## ናይ ምትላል መለለዪን መከላኸልን መጽሓፍ

**ንሓደሽቲ ስደተኛታት**

ኮሚሽን ንግዲ ፌደራል (FTC) ንሰባት ካብ ምትላልን ምጭብርባርን ዝከላኸል መንግስታዊ ትካል እዩ።

ገለ ናይ ምትላል ተግባር ናይ መጠንቀቕታ ምልክታት እነሆ። ካብዞም ምልክታት ሓደ እንተርኢኻ ደው በል። ብዛዕብኡ ተዘራረብ።

እንተተታሊልካ ወይ ናይ ምትላል ተግባር ዝረኣኻ እንተመሲሉካ፣ ናብ 877-382-4357 ደውል፣ ንኻልኦት ቋንቋታት ድማ 3 ቁጽሪ ጽቐጥ፣ ድሕሪኡ ንተወሳኺ ቋንቋታት 0 ጽቐጥ— ወይ ድማ ናብ ReportFraud.ftc.gov ኪድ።

# ገለ ናይ ምጭብርባር ተግባር ናይ መጠንቀቕታ ምልክታት እነሆ።

### እንተኸፊልካዮ ስራሕ ከምዝህበካ ቃል ዝኣተወልካ ሰብ ኣሎ ድዩ?
ንዝኾነ ስራሕ፣ ስራሕ ዝህበካ ምስክር ወረቐት ወይ ስራሕ ብሕቡእ ንክትረክብ ቃል ዝኣተወልካ ሰብ ፈጺምካ ኣይትኽፈል። እዚኦም መጭበርበርቲ እዮም።

### ሓደ ሰብ ካብ መንግስታዊ ትካል እየ ኢሉ፣ ኣፈራሪሑካ ወይ ገንዘብ ሓቲቱካ ድዩ?
መንግስቲ ንከፈራርሓካ ወይ ገንዘብ ንክሓትት ኣይድውልን'ዩ።

### ዳይቨርሲቲ ቪዛ ሎተሪ ንክትዕወት ወይ ግሪን ካርድ ንክትረክብ ክሕግዘካ ይኽእል እየ ዝበለካ ሰብ ኣሎ ድዩ?
እዚ ንክተመልክቶ ብናጻ እዩ፣ ተዓወቲ እውን ብዕጻ ሎተሪ ዝምረጹ እዮም። ናይ ምዕዋት ዕድልካ ንክውስኽ ክገብር ዝኽእል ሰብ የለን።

### ሓደ ኖታሪዮ ኣብ ናይ ኢሚግሬሽን ኩነታትካ ንክሕግዘካ ሓሳብ ኣቕሪቡልካ ድዩ?
ብዛዕባ ኩነታት ኢሚግሬሽንካ ሕጋዊ ምኽሪ እንተደሊኻ ናብ ጠበቓ ወይ ኣፍልጦ ዘለዎ ወኪል ኪድ። ናብ ኖታርዮ ብፍጹም ኣይትኺድ።

### ገለ ነገር ተዓዊትካ ዝብል ጻውዒት ስልኪ፣ ኢመይል፣ ጽሑፍ ወይ ናይ ማሕበራዊ መራኸቢታት መልእኽቲ መጺኡካ ድዩ? ክፍሊት ኣለዎ'ዶ ይብል?
ንሽልማት ኣይትኽፈል። እዚ ምትላል እዩ። ገንዘብካ ክትከስር ኢኻ።

### ሓደ ሰብ ብናይ ህያብ ካርድ፣ ብኸም በዓል Western Union ወይ MoneyGram ወይ ብክሪፕቶከረንሲ ዝኣመሰለ ትካል ኣቢልካ ገንዘብ ክትከፍል ሓቲቱካ ድዩ?
ብኸምኡ ክትከፍል ኣለካ ዝብሉ መጭበርበርቲ ጥራይ እዮም። ክትከፍል የብልካን።

### ገለ ክፋል ናይቲ ገንዘብ ንክትመልሰሎም ብምሕታት ቼክ ዝሃበካ ሰብ ኣሎ ድዩ?

ቼክ ንዝሃበካ ሰብ መልሲ ገንዘብ ኣይትኸፈል። ናይ ሓሶት ቸክ ናይ ብሓቂ ክመስልን ንባንኪ ከደናግርን ይኽእል። ነቲ ገንዘብ መሊስካ ንክትኸፍሎ ክትግደድ ኢኻ።

### ናይ ክረዲት ካርድኻ፣ ናይ ባንክ ሕሳብካ ወይ ቁጽሪ ማሕበራዊ ድሕነትካ ዝሓትት ጻውዒት ስልኪ፣ ኢመይል፣ ጽሑፍ ወይ ናይ ማሕበራዊ መራኸቢታት መልእኽቲ መጺኡካ ድዩ?

ነዚ ሓበሬታ እዚ ብተሌፎን፣ ብኢመይል፣ ብጽሑፍ ወይ ብማሕበራዊ መራኸቢታት ንዝሓተተ ሰብ ፈጺምካ ኣይትሃቦ።

## ንነብስኻን ንሓበሬታኻን ሓልው

- ኣገደስቲ ሰነዳትካ ወይ ናይ መንነት ወረቐትካ ሒዝካ ኣይትዛወር።
- ኣብ ኢመይላት፣ ጽሑፋት፣ ወይ መልእኽቲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝርከቡ መላግቦታት እንታይ ምኳኖም ከም እትፈልጥ ርግጸኛ እንተዘይኮይንካ ኣይትጠውቕ።
- መለለዪ ቁጽሪ ቴሌፎን ደዋሊ ኣይትእመን። እቶም መጨበርበርቲ ዝኾነ ስም ወይ ቁጽሪ ኣብ መለለዪ ደዋሊኻ ከም ዝረአ ክገብሩ ይኽእሉ።
- ቴሌፎን ደዊሉ፣ ኢመይል ወይ መልእኽቲ ሰዲዱ ካብ መንግስቲ እየ ንዝበለ ሰብ ገንዘብ ኣይትስደድ።
- ማሕተም መንግስቲ ማለት ሓደ መርበብ ሓበሬታ ወግዓዊ'ዩ ማለት ኣይኮነን። ኣብቲ ኣድራሻ .gov ዝብል ምህላዉ ኣረጋግጽ።
- ካብ መንግስቲ ኣሜሪካ ንዝመጽእ ናይ ኢሚግሬሽን ቅጥዕታት ፈጺምካ ኣይትኸፈል። ብናጻ እዮም።
- መንነትካ ዝሰረቐ ሰብ እንተመሲሉካ፡ ሓገዝ ንምርካብ ኣብ **IdentityTheft.gov** ተወከስ።

ምትላል ናብ ኮሚሽን ንግዲ ፌደራል ኣብ **ReportFraud.ftc.gov** ወይ ብ 877-382-4357 ብምድዋል ሪፖርት ግበር፣ ንኻልኦት ቋንቋታት 3 ጠውቕ፣ ንተወሰኺ ቋንቋታት ድማ 0 ጽቐጥ።

## ስለምንታይ ምትላል ሪፖርት ትገብር?

ሪፖርት ምግባር ንእትሓልየሎም ሰባት ንምክልኻል ይሕግዝ። FTC ንመጨበርበርቲ ንኽዓጽዎም ይሕግዞን ካልኦት ድማ ካብ ምትላል ይከላኸለሎምን።

ብዛዕባ ምውጋድ ምትላል ዝያዳ ፍለጥ፡
**consumer.gov**

Federal Trade Commission
consumer.gov
ነሓሰ 2022
August 2022